# ሕክምናዊ ሓገዝ

## ኣብ ማእከል ምቕባል ኣጋይሽ ትቕመጡ ኣብ ዘይትህልዉሉ እዋን

Tigrinya

ከም ሓተትቲ ዕቑባ መጠን ኣብ ማእከል ምቕባል ኣጋይሽ ትቕመጡ እንተዘይሃሊኹም (ብኣካል ከይሃለኹም)፡ ተጠቀምቲ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትኰኑ ትኽእሉ ኢኹም። ትካል ፌዳሲል ነዞም ወጻኢታት ክሸፍኖም እዩ።

### ሕክምናዊ ሓገዝ እንታይ ማለት እዩ?

- ናብ ዶክተር ወይ ናብ ሓኪም ስኒ ምቕራብ
- ሕክምናዊ መርመራ ብጠለብ ዶክተር
- ብመሰረት ትእዛዝ ዶክተር ዝወሃብ መድሃኒት (በዓል-ሞያ ፋርማሲ)
- ናብ ሓኪም እትቐርቡሎም ካልኦት ኣጋጣሚታት

### ሕክምናዊ ሓገዝ ንኽገብረልኩም፡ ንፌዳሲል ብኸመይ መልክዕ ሕቶ ከተቕርቡሉ ትኽእሉ?

1. ናብ ዶክተር ድዩስ ናብ ሆስፒታል ወይ ናብ በዓል-ሞያ ፋርማሲ ንኽትቀርቡ ሒደት መዓልትታት ምስተረፋኹም፡ ብወገንኩም (ወይ ድማ ብወገን ዶክተርኩም) ብመገዲ ብቐጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ ቅጥዒ ኣቢሉ ናብ ኣሃዱ ሕክምናዊ ወጻኢታት ናይ ፌዳሲል መመልከቲ ክቐርብ ይግባእ (ብቛንቋ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ ወይ ዳች)።




### ከመይ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ክትመልኡ እዩ ዝድለ?

- ምሉእ ስም
- ዕለት ልደት
- ናይ OV/SP ቍጽሪ ወይ ሃገራዊ ቍጽሪ (ኣብ'ቲ ካብ ቤት-ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ዝመጽኣኩም ሰነዳት ክትረኽብዎ ኢኹም)
- ስም ናይ ዝምልከቶ ዶክተር/ሆስፒታል /ፋርማሲ ከምኡ'ውን ትእዛዝ መድሃኒት ናይ ሓኪም
- ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ
- ቍጽሪ ተሌፎን
- ዕለት ቈጸራኹም

2. ብቛንቋ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ ወይ ዳች ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተኾንኩም፡ ወይ ኢንተርነት ንኽትጥቀሙ ዕድል ምስዘይህልወኩም፡ ሓገዝ ንምርካብ ንገለ ሰብ ወይ ወለንታዊ ኣገልግሎት ንዝህብ ትካል ተወከሱ ኢኹም።
3. ትካል ፌዳሲል ነዚ ወጻኢታት እዚ ክሸፍሎ ምኽኑን ዘይምኽኑን ክምርምር እዩ።
4. ትካል ፌዳሲል ነዞም ሕክምናዊ ወጻኢታት እዚኣቶም ንክሸፍሎም ምስዝሰማማዕ፡ ብመገዲ ኢ-መይል ናይ ክፍሊት ግዴታ (**requisitorium**) ዝበሃል ሰነድ ክለኣኸልኩም እዩ።
5. ናብ ዶክተር፡ ሆስፒታል ወይ ፋርማሲስት ኣብ እትኸዱሉ እዋን ነቲ ናይ ክፍሊት ግዴታ (**requisitorium**)።
6. ብኣካል ምስቀረብኩም ትካል ፌዳሲል ነዞም ሕክምናዊ ወጻኢታት ክሸፍሎም እዩ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ የድልየኩም ዶ?

ኣሃዱ ሕክምናዊ ወጻኢታት ናይ ፌዳሲል
ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ብተሌፎን ክርከብ ይከኣል -
ማለት ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 12፡00 ድ.ቀ.
02/213 43 00 (NL)
02/213 43 25 (FR)
ብኢ-መይል፡- medic@fedasil.be

ኣብ ቤልጂዩም ንዝርከቡ ሓተትቲ ዕቑባ ዘገልግል ሓበሬታ
www.fedasilinfo.be
www.asyluminbelgium.be

fedasil
FEDERAL AGENCY FOR THE RECEPTION OF ASYLUM SEEKERS

Towards a more integrated migration policy, made possible by the AMIF